Kinda kommun

# ከመይ ገይርካ በብዓይነቱ ከም ትፈላሊ ዝሕብር መምርሒ

## ቀጠልያ ከረጺት



# ሰላም!

ብዙሕ መግቢ ከም ንኡሕፍ ትፈልጥ'ዶ? እቲ ንኡሕፎ መግቢ ንኣብነት ካብ ዝሓሰብናዮ ንላዕሊ ዝተኸሸነ ወይ ብዙሕ ዝገበረ መግቢ ወይ ተረፍ ናይ መኣዲ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ፈለማታት 2023 ኣብ ሺንዳ እቲ ቐጠልያ ከረጺት ዝብል መስርሕ ኣተኣታቲና ኣለና። ነቶም ተረፍመረፍ መግቢ ኣብ'ዚ ቐጠልያ ከረጺት ምስ ትኡሕፎም ናብ ባዮ-ጋዝን ባዮ-ዱኽዕን ክንቕይሮም ንኽእል። እታ ሓንቲ ክትገብራ ንደልየካ፡ ነቶም ተርፍመረፍ መግብታት ኣብ ቐጠልያ ከረጺት ገይርካ ኣብ'ቲ ንቡር እንዳ ጕሓፍ ምጕሓፍ ጥራሕ እዩ። ዝተረፈ ካልእ ኩሉ ናባና ግደፎ፣ ባዕልና ክንኣልዮ ኢና።

እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ'ቲ ቐጠልያ ከረጺት እንታይ በብዓይነቱ ፈላሊኻ ከም ትኡሕፍ ዝሕብር መምርሒ እዩ።

# ዘላቒ ምዕባለ
# ኣዝዩ ቀሊል!

# እቲ መስርሕ ከም’ዚ ይመስል - ተረፍመረፍ ናይ መግብኻ ናብ ባዮ-ጋዝን ዱኹዕን ይቕየር

1. ተረፍመረፍ መግቢ ኣብ’ቲ ቀጠልያ ከረጺት ትጒሕፎ።


2. እቲ ቀጠልያ ከረጺት ምስ መልአ ድርብ ዕንክሊል ገይርካ ኣሲርካ ወይ ጠሚርካ ኣብቲ ንቡር እንዳ ጐሓፍ ምስቶም ካልኦት ጓሓፋት ትጒሕፎ።

3. እታ ጎሓፍ ትወስድ መኪና ነቶም ከረጺታት ናይ ጓሓፍ ኣኪባ ኣብ’ቲ ብሰብ ዘይኮነ ብኣውቶማቲክ ነቶም ከረጺታት ዝመሚ ኣብ ሊንሾፒን ዘሎ ትካል እንዳ ጎሓፍ ከይዳ ተረክቦ።


4. ድሕሪኡ እቶም ቀጠልያ ከረጺታት ብዘይ ሓገዝ ሰብ ብካሜራ ትሰርሕ ኣውቶማቲክ ማሺን ይፍለዩ። ትሽዓተ ዝተፈላለዩ ካሜራታት ነቶም ቀጠልያ ከረጺታት ካብ’ቶም ካልኦት ከረጺታት ይፈሊዎም። እቶም ሓምላይ ከረጺት ዘይኮኑ ካልኦት ጓሓፍ ተኣኪቦም ኣብ ሊንሸፒን ዘሎ Gärstadverket ዝበሃል ትካል ብምውሳድ ኣብኡ ተቓጺሎም ንመውዓዪ ገዛን ጸዓት ኤሌትሪክን ይኾኑ። በዚ እቲ ጓሓፍ ናብ ጸዓት ይቕየር።

5. እቶም ኣብ ከረጺት ዘለዉ ተረፍመረፍ መግቢ ድማ ኣብ ትካል ቴክኒስካ-ቨርከት፡ ናብ ባዮ-ጋዝን ባዮ-ዱኹዕን ይቕየሩ። ባዕላ እታ ቐጠልያ ከረጺት ንበይና ካብ’ቲ ተረፍመረፍ መግቢ ተፈልያ ንዋዕን ጸዓት ኤለክትሪክ ትኸውን።

6. እቲ ባዮ-ጋዝ ንመካይን ኣውቶቡሳትን ከም ነዳዲ ኮይኑ የገልግል። ባዮ-ዱኹዒ ድማ ንሰብ-ሰርሖ ዱኹዒ ተኪኡ ከም መኣዛዊ ዱኹዒ ንመዓላ ሕርሻታት ይኸውን። በዚ ኣገባብ ጓሓፍ ተረፍመረፍ መግቢ ዳግማይ ሓድሽ መግቢ ወይ እኽሊ ኣብ ምዝራእ የገልግል።



# ነዚ ኣብ'ቲ ቐጠልያ ከረጺት ትጕሕፎ!




ፍሩታታትን ኣሕምልትን
ኲሩምራማት፡ ቅራፋትን
ፍረታትን ከምኡ ድማ ግዚኦም
ዘሕለፉ ኣሕምልቲ።





ጠስሚ
ቡሮ፡ ማርጋሪንን ዘይትን
ካልእ ጠስሚ መሰልን።



የዕጽምትን ቅራፋትን
ዓጽሚ ናይ ስጋን ዓሳን፡
ቅራፍ ዓሳ፡ ቅራፍ
ድርዓዊ ዓሳን(ሲፊሽ)
እንቋቑሖን።



ተረፍመረፍ መግቢ
ዝተኸሸኑ ጥረን



ቡንን ሻሂን
ቡን፡ ሻሂን ፊልተርን

ኣስተውዕል! እቲ ቀጠልያ ከረጺት ምስ መልአ፡ ቅድሚ ኣብቲ ንቡር ጐሓፍ ምድርባይካ ድርብ ዕንክሊል ገይርካ እሰሮ።

# ነዚ ክትጕሕፎ የብልካን ኣብ'ቲ ቀጠልያ ከረጺት!



መድሃኒታት
ዝወደቑ መድሃኒታት
ኣብ ፋርማቻ
ከተረክቦም ኣለካ



መሐበሻ ኣፍን ወረቓቕትን
ወረቐቓቕቲ፡ መሐበሻ ኣፍ፡
ጨርቀመርቂ፡ ዳይፐር፡
ፓድን
ታምፖንን



ሽጋራን ቱምባኾን
ናይ ሽጋራን ቱምባኾን
ጕሓፍ



ኣትክልቲ
ናይ ባዞ ኣትክልቲ፡
ሓመድን
ናይ ጀርዲን ጕሓፍን

ኣስተውዕል! ጋዜጣታት፡ መዐሸጊታት፡ ካርቶናት፡ ፕላስቲክ፡ ጠራሙዝ፡ ብረት፡
ኬሚካላትን ካልእን ኣብ ካልእ ዳግመ-ምጥቃም ወይ ሪሳክል ዝግበረሉ ቦታ ክወሃብ
ኣለዎ።

ከረጺት ክውዳእ ምስ ቀረበ ኣብ'ታ መኽደኒት ናይ መአከቢ ጓሓፍ ሓንቲ ቀጠልያ ከረጺት
ኣሲርካ ተንብረላ እም ድሕሪኡ እቲ ጎሓፍ
ዝወስድ በዓል መኪና ሓድሽ ጥምሮ ከረጺት
ከገድፈልካ እዩ። ኣብ ኣፓርትማ ክራይ ገዛ
ትቕመጥ እንተ ኾይንካ ሓድሽ ጥምሮ ከረጺት
ኣበይ ከይድካ ከም ተምጽእ ንዋና ገዛ ሕተቶ።

Kinda
kommun